**ተዘኪርኩም ብሙሉ ሕልና።**

ዕስራ ሰነ ትበዓል ዕለት ሰማእታት፣

ጅግንነትኩም ንዝክር ኣብ ደቒቕ ሰዓታት፣

ትማል ኮኢኑ ይስመዓኒ እቲ ነዊሕ ዓመታት።

ነኽብራ ዕለትኩም ኣይኮነን ንሓዘን፣

ዘመን ሓሊፉ እንተተኪኤ ዘመን፣

ነድንቕ ትብዓትኩም ብሙሉእ ሓበን።

ንናጽነት ሃገር ኣብ መሬት ዝድፈን፣

ክሰሚ ሓደ ክልተ ልበይ ክቖስን፣

ክዝክሮ ስሙ ሓወይ ወዲ ሓሰን፣

እወ ክዝክራ ሓብተይ ጓል ግርማጼን።

ከምዚ ቅያታትኩም ኮቶ ኣይተራእየን፣

ሰላም ኮይና ሃገር ብኣኹም ንሕበን፣

ሓጎስና ደረት የቡሉን ወሰን።

ነዛ ሓንቲ ሂወቱ ንጽባሕ ዘይበለ፣

ምእንቲ ህዝበይ ጭርሖ ጎምበለ፣

ጸላእቱ ዘሸብር ኣብ ሜዳ ጎልጎለ።

ኣነ ክስዋእ ንስኻ ጽናሕ በለ፣

ዓወት ንሓፋሽ ኢሉ ኣብ ረመጽ ደበለ፣

ሽዑ እቲ ሚዛን ኣባና ዘንበለ።

ጎላጉል ባርካ ደንከል ምስ ሰምሃራ፣

ጎቦታት ሸንጥሮ ማህደርክን በርብራ፣

ኩሉ ዓይንኽን ዝራኣዮ መስክራ፣

ውዕሎ ጀጋኑኽን ብኽብሪ ዘክራ።

ቕጭጭ ከይበላ ናይ ጸላኢ ፈኸራ፣

ንናጽነት ሃገር ዘወሰኸት ናህራ፣

ብኢድ ሕንቕ ኔሩ ብሳንጃ ብኻራ፣

ንጹህ ደምኪ ምስ ፈሰሰ ዛራ፣

ሳላ መስዋእትኺ ኤረ ኮኢና ሓራ።

ድሕሪ ኩሉ ዓመታት ዝሓለፈ ዘመን፣
ጅግና ይካኣሎ ገና ኣሎ ኣይደኸመን፣
ራኢኹም ዓንቢቡ ከቢዱ ክምዘን፣
ህንጸት ምክልኻል ቀጻሊ ኣሎ ቅሰን።

ብኹሉ ነቋምት ንጺጋም ንየማን፣
ከይድብን ከይጽልምት እቲ ድሙቕ ብርሃን፣
መታን ከይጎድኣና እቲ ሕንዚ ኣትማን።

ውላድኩም ኣርኪቡ ንሱ’ውን ኣብ ውዕሎ፣
ወራራት ኣፍሽሉ ኣእትዩሎም ሰሎሎ፣
ቅሰኑ ክበጽሕ’ዩ ኣብ ልብኹም ዘሎ
ገዲም ይካኣሎ ብሂወቱ ከሎ።

ተካኢ ኣሎካ ንቕድሚት ዝጎዩ፣
ዋርሳይ ተቐባል ሕድሪ ዓጸፋ ዝዓዩ፣
ዲጋታት መሊኡ መሲሉ ማይ ኣይሂ፣
ጸላእትና ቀንኡ ሓረሩ ብጓሂ።

ይህሉ ዶኾን ኣብ ዓለም ከማኹም ዝእመን፣
እስከ ንፈትሽ መን ኣሎ መን፣
ሂወቱ ዘወፈ ብዋጋ ዘይትመን።

ንሓብሕብ ጽጉማት ወለዲ ጀጋኑ፣
ኣለዉ ህጻናት ኣቦ ኣደ ዝሰኣኑ፣
ግዜ ከሎና ሎሚ ብእዋኑ፣
ገንዘብ ሓላፋይ’ዩ ናይ ዓለም ምኽኑ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።

ዓወት ንሓፋሽ።

ትበርህ ምስግና።

ካሊፎርኒያ።